

<u>ናጽነት ኤርትራስ ተወጺዓ ይኽደነና ካብ መርድእ</u>

ካብ ናጽነት ኮናኒ
ካብ መሻኺ ረሻኒ
ካብ መሰል ዓፋኒ
የድሕንኩም የድሕነኒ

ዘይጥርኑፍ ህዝቢ ሃገሩ ጭቕና ይነግሳ
ዲክታቶር ዘይትስእን ንሓርነት ዝግህሳ
ንህዝቢ ዝወቕዕ ብበትሪ ከም ሕሱም ጓሳ

ናጽነት ኣበይ ኣላ? ርኣይታ መስክሩ
ምርኣያ ሲኢነ ገጻ ተሰዊሩ
ትኣሲራ ድያ? እንታይ'ዩ ምስጢሩ
ወይስ ደስኪላ ከምቶም ዝሰኾሩ
ኣባሪሮማ እዮም መስለኒ ኣሰር ዝተባረሩ
ወይ ከኣ ተቀቢራ ምስቶም ዝተቐብሩ

ናጽነት....ናጽነት እንዳበሉ ክነግዱ
ባህርያት ናጽነት ኣጥፊኦሞ መገዱ
ናጽነት ቐፊዱ ባርነት ሒዙ ኣብ ኢዱ
ንሓፋሽ ዘታልል ቓላት ኣወሃሂዱ
ዘይእመን መደረታት ክንድር ኣዋዲዱ
ምስ ጎረባብትና ሃገራት ሓዊ ኣጕዱ
ሃገር ብምልእታ ኣብ ናይ ውግእ መዛግብ ጸሚዱ
ንመንእሰያት ካብ ዝፈትውዋ ሃገሮም ኣሳዲዱ
ብምርሻን የሕዋቶም ኣሓቶም ብምእሳር ወለዶም ኣርዒዱ
ሕጻናት ኣዴታት ኣቦታት ብዝኸትምና ኣዋሪዱ
ይኣዪ ኘኽመስል ሕጂ ፈታዊ ህዝቢ ፈታዊ ዓዱ
ተንኮል'ዩ ግን መሊኡ ኣእምራኡ ከብዱ

ንሕሰብ እሞ ኣብ ገዛእ ሀገርና ንሕና ተሳቒና
ኣብ ኤርትራ ነጊሱ ሰኽራም መዋረዲና
ሓርነት ንኽርኢ ዕረ ዝጥዕሞ እንትርፊ ጭኮና
ንናጽነት ሃገር ንሓርነት ህዝብና ከምዘይ ተሰዉኡ የሕዋትና
ሕስብ እሞ ነብል ንድሕሪት ተመሊስና
ብፍሽለቱ ተስፋ ቖሪጹ ዝተላዕለ ክጽንተና
ንበይኑ ክዕንድር ኣጽኒቱ ንዓና
ዓለም ዝመስከሮ ኣብ ሰኽራን ዝጠሓለ ክመርሓና
ታሪኽና ኣይነበላሹ ከም ከብቲ እንዳተኾብኾብና
ጥምየት፤ ሽግር፤ውግእ፤ ባይታ ንህዝባዊ ናዕቢ'ዩ እንተተረዲኡና
በዓል ናጽነት ክነኽብር **ዘይሕለወሉ** መሰልና
ከቦሮ ይህረም ውሽጥና ከምዝተሓጎስና
ጎብለል ናይ ዉጹዓት ህግደፍ መሊኹና

ህግደፍ ግን ብውሽጢ ይስሕል ካርኡ
ነቶም ዘይከኣሎም ክመልኡ ጅቡኡ
ነዚ ውጹዕ ህዝቢ ክበትኽ ጎረርኡ
ኣብ መምበር ኮፍ ኝኽብል ተኸዲኑ ካፑኡ
ንሓርነት **እንታይ** ይፈልጣ እዚ ዝዕላምኡ
ቕንጸላን ጭኮናን ማእሰርትን ዝባህሪኡ
ጠላም ክሓዲ ስርዓት ሰውር ሕልንኡ

ሕማቕ መራሒ ሃገር ዘየህድእ
እንትርፎ ብሓይሊ ንህዝቢ ዝጎድእ
የጥሚ ይህልቕ ህዝቢ የእትዩ ኣብ ዘየድሊ ውግእ
ንልዕላውነት ሃገር መሸቀጢ እምበር ብዝመጽእ ሓደጋ ዘይሰግእ
**ናጽነት ህዝቢ ኤርትራስ** ተወጺዓ እያ ይኽደነና ካብ መርድእ

ንመሰልናን ናጽነትናን ሕጂ ውን ንቃለስ
ውድቀትን ፍሽለትን ንዲክታቶራዊ ስርዓት
ዓወትን ስምረትን ጥምረትን ብትብዓትን ብጽንዓትን ንዝቃለሱ

ዘልኣለማዊ ዝኽርን ክብርን መጎስን ንሰማእታት ኤርትራ

ስምረት ገብረመድህን